ማዛጋጃ ከተማ ሃ/ሰላም ካብ ዕለት 01/11/2014 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 30/10/2016ዓ/ም ዘሎ ሒሳብ ምንቅስቃስ ብደገ ኦዲተር ኦዲት ከግብር ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ታሕሳስ 22, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 6, 2017 6:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 6, 2017 8:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣካውንቲን ተዛማድኡን/ ኦዲት ተዛማድኡን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ስራሕቲ ኦዲት

ማዛጋጃ ከተማ ሃ/ሰላም ካብ ዕለት 01/11/2014 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 30/10/2016ዓ/ም ዘሎ ሒሳብ ምንቅስቃስ ብደገ ኦዲተር ኦዲት ከግብር ስለዝደለየ ኣብ ትሕቲ ኣመራርሓን ክትትልን ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ክልል ትግራይ እትርከቡ ዝተፈቐደልኩም ውልቀ ኦዲተራትን ኦዲት ትካላትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ኦዲት ክግብር ስለዝደለየ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለኩም ንክሳተፉ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልኡዎም ዝግባእ ረቋሒ

1. ንቤት ዕዮና (ትካልና) ኦዲት ንምክያድ ዘኽእል ብርኪ ሓደ ወይ ክልተ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቅዓት ሞያ ዘለዎም

2. ናይ2012 ዓ/ም ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቅዓት ሞያን ዘሐደሰን ንግዲ ምዝገባ ፡ ተወሳኺ እሴት ታክስ (ተመዝጋቢ ንዝኾነ) ፣ መለለይ ግብሪ ከፋላይነት /Tin No/ን ካልኦት ንጨረታ ዝጠቕሙ መረዳእታት ምስ ዋና ዝተገናዘበ ፎቶ ኮፒ ከቕርብ ዝኽእል፣

3. ኦዲት ዝግበር ሒሳብ ኣብ ሃ/ሰላም ከተማ/ ትካል ምኟኑ ፈሊጡ ዝሳተፍ፣

4. ሰነድ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ቤት ማዛጋጃ ከተማ ሃ/ሰላም ቢሮ ቁፅሪ 02 ካብ ዕለት23/04/2017 ክሳብ 06/05/2017ዓ/ም ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምለስ ብ 50.00 ሓምሳ/ ከፊሎም ምውሳድ ይኽእሉ።

5. ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ፋይናንሻልን ቴክኒካን መወዳደሪ ቅጥዕታት ብዝግባእ ብምምላእ ደጋፊ መረዳእተኦም ምስ ዋና /ኦርጅናል ብምግንዛብ ፋይናንሻል /ዋጋ/ መወዳደሪ ዋናን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ቴክኒካል ድማ ዋናን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ብጠቅላላ ኣብ 4ተ ፖስታ ብዝግባእ ተዓሺጉ ኣብ ሕድሕዱ ፖስታ ድማ ናይ ተጫራቲ ስሞ ፣ ኣድራሽ ፣ ፊርማ ፣ ኦርጅናል/ዋና/ን ኮፒን ተባሂሉ ተፃሒፉሉን ማህተምን ፊርማን ዓሪፍዎን ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ቤት ማዛጋጃ ከተማ ሃሰላም ቢሮ ቑፅሪ _02 ዝተዳለወ ሳፁን (ሳንዱቕ) ክሳብ ዕለት 06/05/2017 ዓ/ም ሰዓት 6:00 ከእትው ኣለዎም።

6. እቲ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ቤት ማዛጋጃ ከተማ ሃ/ሰላም ቢሮ ቁፅሪ02 ዕለት 06/05/2017 ዓ.ም ልክዕ ሰዓት 6:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 8:00 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኸቡሉ ይኽፈት ፡ ኮይኑ ግና ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም እንተዘይተረኺቦም ቤት ዕዮና ጨረታ ፖስታ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

7. ቤት ዕዮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ0915523935/0922753515 ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle